# <u>ተውለ ተቃላሳይ፡ ተጋዳላይ ሰኣላይን ጋዜጠኛን</u>

ተዋዛያይን  ኣዝዩ ሕውስን ኮይኑ ሂወቱ ምስ ካሜራን ጋዜጠኝነትን ዝተኣሳሰረዩ። ስዩም ጸሃየ ይብሃል ዝያዳ ድማ በታ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ኵናት ድድሕሪ ተዋጋኢ ሰራዊት ኣብ ዝሑልን ውዑይን እናተጠብሰ ዘዳለዋ ብተለቪዥን ኤርትራ ዝተዘርገሐት ስርሑ ተጋዳላይ ሰኣላይ እዩ ዝፍለጥ። ኣብ ምሕራር ከተማ ዓሰብ ነቲ ኩናት እናሰኣለን እናሰነደን ድሕሪ ምእታው ናይታ ኣብ ዓሰብን ከባቢኣን ትፍኖ ዝነበረት ተሌቪዥን ዳይረክተር ኮይኑ ሰሪሑ። ነዊሕ ከይጸንሓ ምስ ምጅማር ተሌቪዥን ኤርትራ ዲይረክተረ ተለቪዥን ኤርትራ ኮየኑ ሰሪሑ። እወ እዛ ሎሚ ካብ ቲቪ-ኤረ ናብ ኢትዮ-ቲቭ፡ ካብ ልሳን ፍትሕን ርትዕን ልሳን ጸለመን ምድንጋርን፡ ካብ ዊንታ ሓፋሽ ምቕላሕ ባህጊ ሓደ ሰብ ክተንጸባርቕ መሪጻ ዘላ ተሌቪዥን ኤርትራ ሐደ ካብ መስረትታ ስዩም እዩ።

ብሓቂ ነታ ኣብ ግዜ ቃልሲ ሓርነት ብፊልሚ ዝቀረጾ ጅግንነት ተጋደልቲ ዝርኣየ ሰብ ስዩም ክሳብ ክንደይ ተባዕን በሊሕን ሰብ ከምዝነበረ ይገሃደሉ። ብሐቂ ኩናት መሪሪ ምኻኑ ኩሉ ዝፈልጦ እዮ። ውዕሎ ኵናት ብተንቀሳቃሲ ካመራ ምስናድ ግና ኣዝዩ ዝኸቢደ እዩ። ስዩምን ብጾቱን ነቲ ጅግንነት እንተዘይ ስንድዎ ኔሮም ታሪክ ገድሊ ኤርትራ ንወለዶታት ኣይምተመሓላለፈን።ድሕሪ ቴለቪዥን ኤርትራ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ሐላፊ ፕሮሞሽን ኮይኑ ብተወፋይነት ሰሪሑ።

ኣብ 2001 ኣብ ኤርትራ ክነፍስ ጀሚሩ ዝነበረ ንፋስ ፍትሕን ግዝኣተ ሕግን መቐረቱ ዘይስተማቐረ ኔሩ ክብሃል ኣይከኣልን። እዚ ለውጢዚ መጀመርታ ብቕንዕና ይኹን ብኽፍኣት ኣብ ኤርትራ ፕሮፋይል ብቛንቋ እንግሊዝ ብፕሮፌሰር ተኪኤ ፍስሓጽዮን “እቲ ካልእ ድምጺ ይሰማዕ” ብዝብል ጽሑፍ ነቲ ኤርትራዊያን ብፍላይ ድማ ሲቪል (ገባር) ዘለዎ ዘይዕገበት ኣብ ኣካይዳ ናይቲ ስርዓትን ንድምጺ ህዝቢ ከምዘይሰምዕን እትገልጽ ጽሕፍቲ እዩ ጀሚሩ። ጋዜጣ  መቓልሕ ነዚ ናብ ትግርኛ ቶርጉማ ናብ ህዝቢ ኣቕሪባ ምስ ዘርግሓቶ ድማ ህዝቢ መተንፈሲ ረኺቡ ናይ ልቡ ዳሕደሑ። ተጋዳላይ  ስዩም ኣብቲ እዋን ዝሃቦ ሐደ መጠንቐቕታ ኔሩ። “እቲ ጽሑፍ  ብቕንዕና ዘይኮነ ነቲ ኣብ ውሽጢ ልቢ ህዝቢ ሓቢጡ ዝነበረ ሕቶታት ኣቐዲምካ ባዕልካ ብምንፋስ ምፍካሱን ህዝቢ ተገሪሁ ናይልቡ ክዛረብ እሞ፡ መን እንታይ ከምዝብል ሪኢኻ ድማ ንምልላይ ከይከውን ይኽእል እዩ ኢሉ” ኣሚቱ ኔሩ። እነሆ ድማ ሎሚ እቲ ኩነታት ካብ ሽዑ ጀሚሩ ንዝተኸታተሎ ሰብ ክምቲ ተጋዳላይ ስዩም ዝኣመቶ ጋህዲ ኾይኑ ኣሎ። እዚ እምበኣር ህያው መርኣያ ብልሕን ልቦናን ስዩም እዩ። ደቂ ህዝቢ እንተላይ ስዩም “ገንሸል መስዋእቲ” ኣዝዮም ዘለለይዎ ተንኮል ኮይኖም ይርከቡ።

ተጋዳላይ ስዩም እምበኣር ነቲ ኣብ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሰሪጹ ዝነበረ ግዚኡ ኣይኮነን ዝብል ምኽንያት ኣብ ዝግበኦ ግዜ፡ ብዝግበኦ መንገዲ ይኣክል ዝበለ ተባዕ በዓል ሕድሪ እዩ። ከምቲ ሐደ ገዲም ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር “ጋዜጣታታ ብሕቲ ድሕሪ ኩናት ምስ ኢትዮጲያ ስራሕ ክስእና'የን ዝብሉ ኣለዉ'ሞ ኣንታይ ርእየቶኻ ተባሂሉ ምስተሐተ ዝሃቦ ምላሽ፡ “ኣነ ብኣንጻሩ ድሕሪኡ ስራሕ ክበዝሓን'ዩ እየ ዝብል፡ ምኽንያቱ ኣብዚ እዋን'ዚ ግዚኡ ኣይኮነን እናተባህለ ብዙሕ ዝተረፈ ነገራት ኣሎ ስለዚ ሽዑ ስራሕ ክበዝሓን እዩ …..ኣብ ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝስለፍ ኣትሒዘ ግዚኡ ኣይኮነን እናተባህለ ዝሐለፍናዮ ኣነሆ ሎሚ ኣሪግና ክሳብ ሕጂ ግዚኡ ኣይኮነን እናተባህለ ኣሎና ዝበሎ” ስዩም ነዚ ኣተሐሳስባ ብሐቂ ብትብዓት መኪትዎ።

ተጋዳለይ ሳኣላይ ከም ብውለውቁ ዝነጥፍ ጋዜጠኛ ብዙሕ ንህዝቢን ተጋደልትን ዘበራብረ ሓቀኛ ጽሑፋት ዘወፈየ ጻሓፋይ እዩ። ስርሓትን ኣበሳታትን ሚስጢራዊት ሰልፊ፣ ዝነበራ ተራ ኣብ ምጥፍጣፍን ህቡብነት ኣባላት መሪሕነትን፣ ምቡኻስን ምንእኣስን ንሓቂ ደው ዝበሉ ተጋደልትን ኣመልኪቱ ዝጻሓፋ ጽሕፍቲ፣ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ተጋደላይ ዘረስረሰትን፣ ህዝቢ ንመርሒነት ህዝባዊ ግንባር ንኽምርምር ዝገበረት ኔራ። እቲ ሓቂ ዘፍርሖ ተጋዳላይ እሰያስ ኣፍወርቂ'ውን ኣብ ሓደ ባዓል ተራ'ኺቦም ብባጫ እንዳሓጨጨ <u>"እታ ጽሑፍኻ ኣንቢበያ መጽሓፍ ዘይትቅይራ"</u> ከም ዝበሎ። ተጋዳላይ ስዩም <u>"እዚ ጺሕፍና' እ'ኳ ንጋዶ፣ መጽሓፍ ተጺሒፍና ድኣ?</u>" ክብል ከምዝመለሰሉ ብቀረባ ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ሰባት የዕልሉ። ዕጫኡ ኣብ ኢድ ህግደፋዊያን ኣጸቢቁ ዝፈልጥ ግን ከኣ በዚ ከይፈርሃን ከይተዳህለን ራእይኡ ኣብ መፈጸምታ ከብጽሕ ዝሃቀነ ተጋዳላይ እዩ።

ኣብ ጋዜጣ ሰቲት ካብቶም መሰልኩም ሐቲትኩም ተባሂሎም ናብ ህሮሩማ ዊዓ ዝ'ኸዱ ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ክልተ ካብኦቶም ብጽምእ ማይን ወቕዒ ጸሐይን ምስ ሞቱ ኣብ ጋዜጣ ሰቲት <u>"ናይ ጽባሕ መራሕቲ ኤርትራ ብናይ ሎሚ መራሕቲ ተቐቲሎም"</u> ብዝብል ኣርእስቲ ዝጸሐፎ ጽሑፍ ብዙሓት ኣንበብቲ ዘንብዐን ዘሕዘነን ካሳብ ለይቲ ሎሚ ኣብ እእምሮ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዘይሃሰስ ተዘክሮ ሐዲጉ እዩ። ተጋዳላይ ሳኣላይ እዚ ጥራይ ኣይኮነን ጌሩ፣ ብዛዕባ ምረትን ውርደትን ጥዩሳት ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ሓለውቲ "ፓርኪን ሎት" ብተ'ኸታታሊ ዘውጽኦ ጽሑፋት ዝረኣየ፣ መንነትን ቅንዕናን ቅዱስ ሕልናን ስዩም ንኽርደኦ ዘጸግም ኣይኮነን።

ፍሉይ መለለዪ ተጋዳላይ ስዩም ኣዝዩ ቆልዑ ይፎቱ ምንባሩ እዩ።ታሪክ እዚ ተውለ ተጋዳላይ በዚ ኣብዚ ኣቅሪብናልኩም ዘሎና ዝድምደም ኣይኮነን። እሞ ሎሚ ነዚ እናተዋገአ ታሪ'ኽ ዝስንድ፣ ተውለ ተቃላሳይ- ተጋዳላይ ናጽነት፣ ተጋዳላይ ሰብአዊ ክብርን ግዝአተ-ሕግን፣ ብ'ኽድዓትን ጥልመትን ም'ኽሳስ መን ክአምኖ ይ'ኽእል? ዝ'ኾነ ኣይእመኖ!! ስዩም ግን ሃለዋቱ ጠፊኡ ኣሎ። ስድራ ቤት ስዩም ብዘይ ኣቦ ጠጠው ኢላ ኣላ። እወ ተጋዳላይ ስዩም ንህዝቢ ኤርትራ ተውለ ክእለቱ ዘወፈየ። ንህዝብን ሃገርን ፍትሒ ክወጸሉ ዝተቃለሰ ተጋዳላይ እዩ። ግን ብጾቱን ህዝብን ግን ስዩም መሰልቱ ፍትሒ ንክወጸሎምን ኣይጸወዐን ኣይሞገተን። ታሪክ ሎሚ ፍትሒ ንጸውዓሎም ይጽውዓና ኣሎ። ካብ ሓሙ'ሽተ ዓመት ብዘይፍትሒ ምድጓን ንላዕሊ ንንጽህናኦም ዘረጋግጽ ሐቂ ካልእ የልቦን እሞ ሎሚ ነዞም ውጽዓት መሰሎም ንሕተተሎም። ብሕቡር ድምጽና ብምስቃጥና ንዝገበርናዮ ኣበሳ ሕ'ጂ ንደምስሶ። እንተ'ቲ ተውለ ተጋዳላይ ስዩም ስግኡ ይተሐየር እምምበር፣ ተውለ ታሪ'ኹን ስኑድን ህልን ማንም ክሓኮ ዘይክእልን እዩ። ንፍትሕን ርትዕን ደው ብዘይምባልና በቲ ሓደ ታሪክ፣ በቲ ሓደ ድማ ሕድሪ እቶም ሃገርና ኤርትራ ፍትሒን ልዕልና ሕግን ዝሰፈና ንክትከውን ብዘይምክባርና ሕልናና ክሓተና እዩ። ስለዚስ ከም ህዝብን ወለዶን ተወለ ሓተላ ታሪክ ካብ ሙ'ኳን፣ ተውለ ህዝብ ንፍትሕን ዲሞክራን ን'ኹን።